ማሕበር ልምዓት ትግራይ ንስራሕቲ ፕሮጀክት ተገልግል ሓንቲ ሞተር ሳይክል ዝምልከቶም ትካላት ብምውድዳር ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጥቅምቲ 9, 2017 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 11, 2017 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 12, 2017 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ዕድጊት ሞተርሳይክል/

ን3 ጊዜ ዝወፀ ምልክታ ፕሮፎርማ

ማሕበር ልምዓት ትግራይ ንስራሕቲ ፕሮጀክት ተገልግል ሓንቲ ሞተር ሳይክል ዝምልከቶም ትካላት ብምውድዳር ክዕድግ ይደሊ። ዝለዝኾነ ድማ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቓሒታት እተማልኡ ዝምልከተኩም ተወዳደርቲ ንክትሳተፉ ይዕድም።

1. ናይ 2016 ዓ.ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ፣

2. መለለዪ ንግዲ (Tin Number) ምስ ንግዲ ፍቓድ ፎቶ ኮፒ፣

3. ቫት ወይ TOT ተመዝጊብቲ ዝተመዝገብሉ መረዳእታ ናይ ወርሒ ሰነ 2016 ዓ.ም ዲክላራስዮን ከቕርቡ ዝኽእሉ፣

4. ዝተሓደሰ ምዝገባ መቕረባይነት 2016 ዓ.ም፣

5. ተኽታታሊ ቑፅሪ ዘለዎ ሕጋዊ ደረሰኝ፣

6. ካብ እስፐሲፍኬሽን ወፃኢ ስርዝ ድልዝ ኣይፍቀድን፣

7. እዚ ፕሮፎርማ ስዒርካ ምስተብሃለ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ዝድለ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብ ትካልና ኣታዊ ክገብር ዝኽእል። ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተጠቐሰ ጊዜ ገደብ ኣታዊ እንተዘይገይሩ ሰዓራይ ካብ ውድድር ወፃኢ ብምግባር ቤት ፅሕፈትና ካልእ መማረፂ ይጥቀም።

8. እቲ ዋጋ ክምላእ ከሎ ምስ ቫቱ ምኂኑን ዘይምኂኑን ብንፁር ክቕመጥ ኣለዎ። ብንፁር እንተዘይተፈሊጡ ምስ ቫቱ ከምዝተመልአ ተሓሳቢ ይግበር።

9. ኣብቲ ናይ ፕሮፎርማ ሰነድ ሙሉእ ሽምን ማህተምን እቲ ትካል ክጥቀስ ይግባእ፣

10. ማ.ል.ት እቲ ፕሮፎርማ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፣

11. እዚ ፕሮፎርማ ዕለት 11/02/2017 ዓ.ም ሰዓት 8፡30 ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 9:00 ኣብ ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ት ይኽፈት።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle